# በብሓደ ሰብ ወሓደ

## ቀዳማይ ክፋል (1ይ ክፋል)




ብበራኺ ዮሃንስ
ኦታዋ፡ ካናዳ
ጥሪ 15, 2022

# በብሓደ ሰብ ወሓደ

ጥሪ 15, 2022

ብመጀመርታ ርሑስ ብዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን ይግበረልና። ህዝብና ገጢምዎ ዘሎ ሕማቅ ኩነታት ተወዲኡ ሓድሽን ሰላምን ዓመት 2022 ክኾነልና ይምነ። ብምቅጻል ኣብ ሃገርና ብሰንኪ ኢ-ፍትሓዊ ጉጅለ ህግደፍ ወሪዱ ዘሎ ጽንተት ህዝብና ንምሕጻር ፡ ኩሉ ፍትሒ ክነግስ ዝቃለስ ፡ ብሓባር ሃገና ከነድሕን ምሕጽንታይ የቕርብ። እዚ ኣነ በብሓደ ሰብ ወሓደ ዝብል ጽንሰ ሓሳብ ዘቕርቦ ዘለኹ ነቲ ኣብ ሃገርና ን50 ዓመታት ማለት ካብ 1970 ብሰልፊ ናጽነት—ህሓ—ህግ-ድሓር ብህግደፍ፣ ካብ ትፍጠር ጀሚራ ክሳብ ሕጂ ንጹሃት ዜጋታትና እንዳህለቀት ዝመጸት ጉጅለ ንምቕላዓ  ዝጽሕፎ ዘለኹ ቀጸላ-ሓሳብ እዩ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣዋርሕ ኣብዘይ መልእ ሰበስልጣናት ስርዓት ህግደፍ ብመስርዕ ናብ ዕረፍቲ ዘለኣለሞም ተመራሪሖም  ክሓልፉ ኣብ ዝረአይሉ ዘሎ እዋን፡ ዝርአ ሽበድበድን ውረድ ደይብን ብኣአሰስይቲ ስርዓት ኢሰያስ፡ መመሊሱ ኣብ ዝለዓለ ጥርጠራ የእትወካ ምናልባሽ እታ ተካል ሓለንጊ እሰያስ’ዶ ኾን ረኺባቶም የብለካ።  ካብ ሕሉፍ ተመኩሮና፡ ባዕሉ ‘ቲ ስርዓት ህይወት ብሉጻት ኣጥፊኡ ባዕሉ ንብዓት ሓርገጽ ስለ ክነብዕ ዝረኤና’ዩ።

ሎሚ ኸኣ ላዕለዎት ሰበስልጣናት ህግደፍ፣ ከም ብዓል ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድን ቀዳማይ ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ነበር ኣቶ ሮመዳን መሓመድ-ኑርን ከኣ ተራኦም በጺሑ። ዕለተ ሕልፈቶም ኮይኑ እንሆ ከም ኣመሎም ኣሳሰይቲ ውልቀመላኺ ኢሰያስ ዘሎን ዘየሎን ታሪኽ ኣቀናቢሮም ናይ ትወና ዜማ ከቃንዩ ይረኣዩ ኣለዉ። ድሕሪ ኣላሚን፡ ናይ ኣዋርሕ ፍልልያት ብተመሳሳሊ መልክዕ ሕልፈት ኣያና ሮመዳን ንርዳእ ኣሎና፣ መርድእ ጥራይ ዘይኮነስ ሽርሒ ዝተጎልበበ ትወና። ብስም ሓርበኛ ኣይመውትን’ዩ ኣብ ዝብል በይናዊ ግን ኢሰያስ ዘማእከለ ደረቕ ሰእሊን ቪዲዮታትን ከታትዩ ይርእዩ ኣለዉ። ግን ክቡር ኣያና ሮመዳን ብህግደፍ ካብ ዝቕተል 30 ዓመቱ ኣቕጺሩ ከምዘሎ ዝተገንዘቡ ኣይመስሉን። ምኽንያቱ ብስጋ እዩ ሕጂ ዝሞተ ’እምበር ብሕልና ካብ ዝቐትልዎ 3ተ ክፍላተ-ዘመን

ኣሕሊፉ ኣሎ። ኣብ 1994 ኣብ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ብዓይኒ ስርዓት ህግደፍ፣ ኢሰያስ ከም ብላይ ጨርቂ ጠቕሊሉ ክጉሕፎ ከሎ ኣብቲ ግዜ እዩ ናቱ ዝናን ታሪኽን  ዘብቀዐ።

ሮመዳን መሓመድ ኑር፡ ትሑት እሞ ኣዚዩ ዝለዓለ ስልጣን ናይ ሕዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝውንን ዝነበረ ፡ ኣብ ጾሓይ ወርወር ኣብ ትብለሉ ዝነበረት ነቲ ሓርነትን ናጽነትን ንህዝቢ ከረክብ እየ ኢሉ ንነዊሕ ግዜ ዝጐየየሉ መስርሕ ቃልሲ ተመንጢሉ ናብ ኣዚዩ ዝተሓተ፣ እሞ ፍጹም ምእዙዝ ንተግባረ ኢሰያስ ኮይኑ ዝነብር ዝነበረ ተጋዳላይ ነበረ። ሕጂ ድሕሪ ሕልፈቱ ብምስሉይ ዝኾነ ምቁጽጻይን ምውርዛይን ብኣሰሰይቲ ስርዓት ኢሰያስ ክትዕዘብ ከለኻ ሕጂኸ መን ኮን ይኸውን ኣብታ ማጋረያ ኢሰያስ ተሰኺቲታ ዘላ ርስንቲ መቕሎ ዝኣቱ የብለካ። ብኸም’ዚ ዓይነት መገዲ ወይ ሜላ እንዳተጠቕመ ፡ ባዕሉ ቀቲሉ ኣብ መጨረሽታ ብዕንባባ ፍዮሪ ኣብ ረሳኦም ብምድርባይ ናይ ልቢ-ወለድ ወይ ፈጠራ (ጵውጵዋይ) ብዝመልክዑ ድሕሪ-ባይታኦም ብምንባብ ልቢ ህዝቢ ኣደዓዒሱ የፋንዎም።

እዚ ከኣ ፍልስፍና ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከም ኩሉ ዝፈልጦ ፡ ሰብ ክሳብ ኣብ ትሕቲ ጉድጓድ ዝኣቱ ኣይትእመኖ ፡ ምስ ሓለፈ እሞ ኣብ ትሕተ-መሬት ከም ዝኣተወ ምስ ኣረጋገጸ ፡ ከከም ገጹ ከፋንዎም ትርእዮ ። ወይ ድማ ኣብ ከምዚ ዓይነት ግን ከኣ ኣዚዩ ክፉእ  ብተደጋጋሚ ሓደ ዝዓይነቱ ስልቲ ፡ ንኣርካናት ሰውራ መራሕቲ ዘፋንዎም ዘሎ፡  ንልቢ ህዝቢ ብምድዕዓስ ካልእ ንኸይሓስብ በዚ መገዲ እውን ጸሚዱ ሒዝዎ ይርእ። ኩሉ ኤርትራዊ ከስተውዕለሉ ዘለዎ ግን ከመይ መይቶም ብምንታይ ኣብ ዝብል ዳግማይ ምልክት ሕቶ ነብሲ-ወከፍ ከልዕል ይግባእ። ምኽንያቱ ፡ ቅድመ ሕማሞም ሞቶም እዩ ዝስማዕ። ንምንታይ? ከምዚ እንዳገበረ ፡ ነጋሪ ወረ ወይ ታሪኽ ኣብ ዘይርከበሉ ፡ በብሓደ ዝእሰሩን ፡ ዝቕበሩን ገይርዎም እዩ ዝርከብ ዘሎ። ክቡራት ኣቦው ከምዝብልዎ: ጉዳይ ገዳይም መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ፣ በብሓደ ሰብ ወሓደ ኮይኑ ንርእዮ ኣሎና።

ኣብ ሕዳር 20, 2020፡ ኣብ ዝወርድ ዝነበረን ዘሎን ግፍዕታት ህዝቢ ትግራይ ኣመልኪተ ፡ ስፍሕ ዝበለ ዕቃበታተይ ኣስፊረ ነይረ፡ ‘ቲ ጽሑፍ  ወላ’ኳ ብዛዕባ ህዝባዊ ዓመጽ ንትግራይ ዘመልከተ እንተኾነ፡ ‘ቲ ሓፈሻዊ ቅርጺ ወይ ስእሊ ፡ ነቲ ኩሉ ክንስዕቦ ዝጸናሕና ዝፍትሽ ኮይኑ ፡ካብ ዝለዓሉ ክሳብ ዝተሓቱ መራሕቲ ሰራዊት መራሕቲ ምምሕዳራት ኤርትራ ፡ ንምጥፋእ ንኽጥዕሞ እዚ ውግእ ከምዝጽንበሮ ፡ ሓቢረ ነይረ። ልክዕ ከምኡ እዩ ከኣ ኣጋጢሙ። ክንደይ መራሕቲ ሰራዊት እዮም ብምስምስ ኮሮና እንዳ ተባህለ ህይወቶም ብምሕላፍ ንግሆ ንግሆ ይቕበሩ ከምዝነበሩን ከም ዘለዉን ግሉጽ ተርኢዮ ናይ ግዜና ኮይኑ ዘሎ ሓቂ እዩ። ባዕላትና እውን ህያው ምስክር ኢና።

ከምኡ ንምግባር ንኽጥዕሞ እዩ ከኣ መሳኪን ሕጻናትን ለይለይ መንእሰያት ኣብ ጐድኒ ተረፍመረፍ ደርግን ፋኖ ኣምሓሩን ኣሰሊፉ ካብ ኢትዮጵያውያን ንላዕሊ ኢትዮጵያዊ ኮይኑ ህይወት ኤርትራውያን ዝቀዝፍ ዘሎ። ንወለዲ ኤርትራውያን ከኣ ብፍላይ ንወለዲ ኣደታት ንዝነበረ እህህታን መሪር ሓዘነንን ኣብቲ ሕሉፍ ቁስለን እንደገና ጨው ብምንስናስ ናብ ዳግማይ ዘይውዳእ ሓዘን ዓዲሙወን ይርከብ። ዝጠፍእ ዘሎ ዓቕሚ ሰብን ህይወት ኤርትራውያን፡ ብኣዚዩ ግዙፍ ኣሃዝ ኣብ ሰማዒ ዘይብሉ ኣውያት ይጠፍእ ኣሎ።

ቀብሪ ስነስርዓት ኣያና ሮመዳን፡ መርኣያ ምስሉይነት ስርዓት ኢሰያስ ባዕሉ ቀቲሉ ንራዩለይ እዚ ክንርእዮ ዝቐነና ትልሂት ወይ ተዋስኦ መሰል ትወና ፡ ከም ከም'ቲ ኣቐዱምና ዝበልናዮ ነርኣያ ጉዕዞ ሰውራ ኤርትራ ወይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ባዕሉ ብሉጻት ኣባላቱ በሊዑ ንረአዩለይ ስምዑለይ፣ እቲ ክንርእዮ ዝቐነና ድራማ መሰል ናይ ሓዘን ስነ-ስርዓት ምስራሕ ሓደ ካብቲ ክውን ጌሩ ዝሰርሓሉ ኣካይዳኡ ምዃኑ እዩ ዘመልክተልና። ካብዚ ተበጊሰ እየ ኸኣ ሻዕብያ ትብሃል ውድብ ካብ ትጅምር ክሳብ ሕጂ ዝጥቀመሉ ሜላ ከስምር ዝፈተንኩ። ማዕረማዕሪኡ ከኣ ባህሪ ውልቀመላኺ ኢሰያስ ካብ ጉዕዞ **ዓላ ማለት ሰልፊ ናጽነት ካብ ትምስረት ኣትሒዙ ክመጽእ ዝጸንሐ ከይዲ፣ ብግልጺ ንኢሰያስን ድልየታቱ ብፍላይ ዝወስዶ ናይ** ቃልሲ ውጥናቱ ዘርኢ፡ ነዚ ሕጂ ፈጺምዎ ብምባል ዘቐምጦ ዘለኹ ዕቃቤታት **፡ ካብ ምጅማር ሰልፊ ናጽነት መቕተልቲ ኣብረሃም ተወልደ ፡ ሃብተስላሰ ገብረመድሂን ፡ መሓመድ ሂላል ሳልሕ ጠጥው፡ ወልደሚካኤል ሃይለ ፡ ኢሰያስ ተወልደ (ወዲ ፊላንሳ) ፡ ዓሊ ኣብሪሂም፡ ኣብራሂም ዓፋ፡ ብርጁዋ ዝበሃል ኣዚዩ ህቡብ ተጋዳላይ ኣብ ኣጋ ምእታው ኣስመራ ዝቐተልዎ ወዘተ.** ልክዕ በዚ ሕጂ ላዕልን ታሕትን ዝበሃለሉ ዘሎ ጸዋታ ኢዮም ባዕሎም ቀቲሎም ብስም ጀጋኑ ስዉኣት እዮም ዘፋንዉዎምን ዝዝምሩሎምን። እቲ ሓቂ ግን ከምዚ ክገልጾ ዝጸናሕኩ እዩ። ማለት ልክዕ ከም ዝብሃል ደርሆስ ባዕሉ ሰለፉ ሃሪሙ የእዋ ዝተባህለ፡ ስርዓት እሰያስ ከኣ ባዕሉ ቀቲሉ ወደኸደኸ የብዝሕ።



ግን ካብቲ ክትፈትሖ ዘይክኣል ኣዚዩ ትንግርቲ ኮይኑኒ ዘሎ፡ ኢሰያስ ነዚ ጽዩፍ ተግባር ንኽገብር ንልዕሊ 50 ዓመታት ከምዚ ኢሉ ነገራት እንዳዛብዐ ክመጽእ፡ እንዳረኣይዎ፡ ካብ ኩሎም ሓደ ደው ከብሎ ዝኽእል ዘይምትንሳኡ እዩ ዘስዳህምመኒ።

እዚ ኩሉ ጉዕዞ ክጓዓዝ እሞ ሰብ እንዳ ወሓጠ፡ ሰብ እንዳጎጃጀለ፡ ዝመጸን ሕጂ እውን ዝቕጽል ዘሎን ሓደ ብትብዓት ፖሎቲካዊ መስመርና ዘይፈቕዶ ኢኻ ትገብር ዘለኻ ፡ ጠጠው በል ዝብሎ ሰብ ኣይተረኽበን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ወላ ‘ቶም ታሪኽ ሰሪሖም ታሪኽ ዘስርሑ፡ በብሓደ ዝእሰሩን ዝቕተልን ጌሩ ንሱ በይኑ እንኮ ከም ሓሙስ ታሪኽ ሰውራ ገቢቱ እንሆ ታሪኽ የዛብዕ ይርከብ። ማለት፡ ካብቲ ኣዚዩ ዘሕዝንን ዝገርምን ብዛዕባ ታሪኽ ህይወት ኣያና ሮመዳን ኣብ ዝተፈላለየ መራኸብ ብዙሃን በቶም ኣሳሰይቲ ክፍኖ ከሎ ብዘይካ ስእሊ ኢሰያሰን ሮመዳንን ካልኦት እቶም 11 ላዕለዎት መሪሕነት ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ ምስኡ ዝነበሩ ድሮ ሓኺኾሞም። እዚ ከኣ ካብቲ ትዕዝብትታተይ እዩ።

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ታሪኽ ጉዕዞ ሰውራ፡ ኣብ በይኑ ንሱን ማለት ኢሰያስ በይኑ ወናኒ’ቲ ጉዕዞ ቃልሲ ኮይኑ ግን እቶም ተኣምራት ሰሪሖም ዝሓለፍ ተራ ኣልቦ ንምግባር ዝተዓቀደ መሲሉ እዩ ዝረኣየኒ። ስለዝኾነ እዩ እምበኣር፡ ዝተረፉ ነገርቲ ታሪኽ ንምቕራም፡ ለይለይ መንእሰያትን ዝተረፉ ቅሩብ ቅራቦ ገዳይም ሰራዊትን ተሓታትነት ብዘይ ብሉ ኣኪቡ ናብ ማጋሪያ ኩናት ዝጠብሶም ዘሎ። ኣብዚ ህሞት እዚ መንእሰይ ኤርትራ፡ ኣብዝተፈላለየ ግንባራት ኢትዮጵያ ንኢሰያስ ህይወቱ ይግብር ኣሎ። ኣብዚ ውግእ እዚ ክንደይ ምዉትን ቁስልን  ምሩኽን እሞ ኣዚዮም ኣምዑት ዘይቆጸሩ ቆልዑት ምሩኻት ኮይኖም መስሓቕ ናይ ዓለም መንግስታትን መዲያታትን ኮይኖም ኣለዉ። እምበኣረይ ነዚ ጥፍኣት መንእሰይን ወይ ህዝቢ ኣልባ ሃገር ንኽገብር እዩ እዚ ኩሉ ጽዩፍን ሰይጣናዊ ስራሕ ክፍጽም ዝጸንሖን ዘሎን። እዚ ከኣ "ዘይ ስንኻስ ሑጻ ቆርጥመሉ" ፡ ብዝዓይነቱ፡ ሓደስት ደቂ ሃዋርያ ናይ ስርዓት ኢሰያስ ፡ ኣብ ምሉእ ምዕራብ ኤሮፓን ሰሜን ኣመሪካን ባንደራ ኢትዮጵያ ተጎልቢበን ምስ ኢሱን ዶክተር ኣቢን ተደሚርና ኢና ፡ ዎያነ ክጠፍኡ ኣለዎም ኣብ ዝብል ቴማ ተሰሪዖም፣ ምስ ኣምሓሩ ክስዕስዑ ይረኣዩ ኣለዉ። ንኢሰያስ ዝኽድም ወይ ዘገልግል ገና ኣብ ከብዲ-ኣደ ይህሉ ከም ትብል ይገብረካ ፡ ግን ፈጣሪ ብርግጽ ክንድኡ ዕለተ-ህይወት ኣይክህቦን እዩ።

**2ይ ክፋል ይቕጽል**